# <u>ክርስቶስ'ዶ ወይስ ዓለም፡</u>

ንግስነት ሮማ (Roman Empire) ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ናይ ክብረቱን ሓይሉን ዝበጽሓሉ ጊዜ፣ ክርስቲያናት ዚበሃሉ ዘገርሙ ክፉል ሕብረተ ሰብ ክቀላቐሉ ጀመሩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ፣ኣብ ልቦም ከም ሓዊ ሃልሃል ትብል እምነት ስለ ዝነበረቶም ካብቶም ካልኦት ክፍሊ ሕብረተሰብ ፍልይ ዝበለ ህይወት ነይሩዎም።

እቲ ዘመን እቲ ናይ ክፍኣትን፣ ቅጥዒ ዘይብሉ ናብራን ምቕትን ዘመን እኳ እንተ ነበረ፣ እዞም ክርስቲያናት ዝበሃሉ ክፉል ሕብረተ ሰብ ግን፣ በቲ መታለልን ጠፋእን ዝኾነ ምዕባለ ናይቲ ዘመን ዘይተታለሉን ዘይተበላሸዉን ኮይኖም ይነብሩ ነበሩ። ህይወት ደቂ ሰባት ሕሱር ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ንሳቶም ብናይ ዝኾነ ሰብ ህይወትን መፈጸምታን ይግደሶ ነይሮም። እዞም ክርስቲያናት፣ ኣብ ተግባር እቶም ፍርሃት ኣምላክ ዘይነበሮም ሕብረተ ሰብ ኣይንጽንበርን ምስ ኣካይዳኦም'ውን ኣይንመሳሰልን ዝበሉ ሰባት ነይሮም። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ነገስታትን መሳፍንትን ሮማ ተቓጥዑ እሞ፣ ንክርስትና ከም ሓደገ ን ጸረ ሓድነትን ናይቲ ኣምላክ ኣልቦ ሕብረተ ሰብ ቆጺሮም ከጥፍእዎ ወሰኑ።

ሮማውያን፣ ንሕልና ደቂ ሰባት ብሕጊ ክትቆጻጸሮ ይከኣል እዩ፣ ዝብል ርድኢት ስለ ዝነበሮም፣ ካብቲ ዝጸንሐ እምነቶምን ስርዓቶምን፣ ፍሉይ ምኳን ብሕጊ ዘሕትት ገበን ገበርዎ። ኩሉ ንቄሳር ክሰግድን ነቲ ኣምላክ ኣልቦ ስርዓት ክስዕብን ክገድድዎ ጀመሩ። ኩሉ ሰብ "ሓቀ ሮማዊ" ክኸውን ኣለዎ ተባህለ። ነዚ ሕጊ ዘይእዘዙ ድማ ብህይወት ከም ዝሕተቱ ተገብረ። ብዙሓት ክርስቲያናት ድማ ካብ ምስ ስርዓትን ኣካይዳን ሮማ ምምስሳልን ሕልንኦም ካብ ምጥፋእን ሞት ሓረዩ።

በቲ ጊዜ'ቲ ሓደ ጳውሎስ ዚበሃል ሮማዊ ክርስቲያን ነቶም በቲ ዘመን ዝነበሩን ብድሕሪኦም ንዝመጹን ክርስቲያናት ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ጸሓፈሎም **"እቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምኳኑ ምእንቲ መርሚርኩም ክትፈልጡ፣ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ" (ሮሜ 12፥2)።**

ሕጂ ከኣ፣ ዘመናት እኳ እንተ ተለዋወጡ፣ ፍጥረት ደቂ ሰባት ግና ኣይተለወጠን። እዛ ኣምላክ ኣልቦ ስርዓት ከኣ ሜላታታ ደኣ ይቀየር እምበር ነቲ ናይ ምምስሳል ማሕተማ ንነፍሲ ወከፍ ሰዓ ቢ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትሓትመሉ ኣብ ኩሉ ዘበናት ዝከኣላ ክትጽዕር ጸኒሓን ኣላን። ክርስቲያናት ምስ ዓለም ከም ዝመሳሰሉ ንምግባር ከኣ፣ ኣሎ ዚበሃል ጸቕጢ ኣብ ልዕሊኦም ከም ዝወርድ ክግበር ጸኒሑን ኣሎን።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም ኣብ ኩሉ ቦታ፣ ኣብ ዘበኑ ዝነበሩን ነቶም ብድሕሪኦም ዚመጹን፣ ዘለዉን ክርስቲያናት፣ ምስ ኣካይዳን ስርዓትን ዓለም ከይመሳሰሉን ተመሳሲሎም ከይነብሩን ኣነጺሩ ይምዕ ድ። እዙዝ ህይወት ዘለዎ ሓቀ ክርስቲያን፣ ነቶም ከም ፍቓድ ርእሶም ዝነብሩ ሰባት ቀጻሊ ተግሳጽ ከም ዚኮኖም ፍሉጥ እዩ።

ብዙሕ ጊዜ ንሕና ክርስቲያናት፣ ዓለም ንክርስቶስ ክትፈልጦን ናይ ቤተ ክርስቲያን ጽልዋ ክሕይልን ኣብ እንጽዕረሉ እዋን፣ ክርስቲያናትን ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ዓለም ቅቡላት ክኮኑ እዮም ዝብል ጌጋ ርድኢት ንሕዝ ኢና። እዚ ግን ሓደገ ዝኾነ ጌጋ እዩ። እቲ እተሰቕለ ክርስቶስ ኣብ ዓለም ጽሉእ እዩ። ሕጂ'ውን ንዓለም መዐንቀፍን ዕሽነትን እዩ። ጐይታ ንደቀመዛሙርቲ "ዓለም እንተ ጸልኣትኩም፣ ቅድሜኹም ንዓይ ከም ዝጸልኣትኒ ፍለጡ" (ዮሃ

15፡18) ብምባል ኣቕዲሙ ኣፍሊጡዎም እዩ። ሃዋርያ ዮሃንስ ከኣ ብወገኑ "ኣሕዋተይ፡ ዓለም እንተ ጸልኣትኩም ኣይትገረሙ" ይብል (1ዮሃ 3፡13)።

ክርስቲያናትን ቤተክርስቲያንን ኣብ ዓለም ተፈታውነት እናኣሕደሩ ይከዱ እንተ ደኣ ኣለዉ፡ ሓደ ከቢድ ዝኾነ ጉድለት ከይሃለዎም ኣይተርፍን እዩ። ምክንያቱ ክርስቶስን ዓለምን ስምምዕ የብሎምን። ንሕና ክርስቲያናት ድማ ሰዓብቲ ክርስቶስ ስለ ዝኾንና ኣንጻር ዓለማውነትን ክፍኣትን ደው ክንብል እዩ ዝግብኣና።

ሓደ ሓደ ጊዜ ዓለም ከይፈተወት ንክርስቲያናት ከተክብሮም ትግደድ እያ። ነገር ግን ንክርስቶስ እሙናት ኴንና ንነብር እንተ ደኣ ኣሊና፡ ዓለም ቍጥዓኣ ከም እተውርደልና ክንፈልጥ ይግብኣና። እኳ ደኣ ቃል ኣምላክ ከም ዝብሎ "እቶም ናይ ክርስቶስ ኢየሱስ ብምኳን ብጽድቂ ክነብሩ ዚደልዩ ኵሎም ክስደዱ እዮም" (2ጢሞ 3፡12)።

ቃል ኣምላክ ከም ዝሕብረና እቲ ብዓለም ተፈታውነት ዚረከበ ክርስቲያን ብህይወት ምህላዉ የጠራጥር እዩ። ምስ ዓለም ምምስሳልን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታውን (conformity & compromise) ሰይጣን ዚጥቀመለን ቀንዲ ኣጽዋሩ እየን። ከመይሲ፡ ካብ መርገጺኦም ዘይፍሉጥ ኣሽሓት ናይ ሃይማኖት መማህራን፡ ሓደ ኣብ ማእከል ዘይኣምኑ ሰባት እናንበረ "ብወንጌል ኣይሓፍርን እየ፡ ከመይ፡ ወንጌል ንዝኣምን ዘበለ ኵሉ ... ዘድሕን ሓይሊ ኣምላክ እዩ" ዝብል ናይ ኣምላክ ሰብ ንብዙሓት ሰባት ናብ ኣምላክ ገጾም ከም ዘቕንዑ ክገብር ከም ዝክእል ሰይጣን ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ (ሮሜ 1፡16)።

ብዙሕ ጊዜ ንገዛእ ርእስና ከምዚ ዝስዕብ ኢልና ንሓታ ኢና፡ "ኣብዚ እዋን እዚ ዘለዉ ሚልዮናት ክርስቲያናት እምነቶም እኳ ክዕቅቡ ከቢድዎም ከሎ፡ ከመይ ኢሎም እዮም እቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ንዓለም ዘናውጽ ህይወት ዝነበሮም፧" እቲ መልሲ ቀሊል እዩ። እታ ዝፈለጡዋን ዝሰዓቡዋን ሓቂ ብማይ ከቃጥንዋ ፍቓደ ታት ኣይነበሩን። እዞም ሰባት እዚኣቶም ናይቶም ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ሰባት ዘረባ ከይዓጀቦም ፍሉያት ክኾኑ ተቢዖም። ካልኦት ተጠራጠርቲ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ንሳቶም ግን ክኣምኑ ተቢዖም። ነቲ ዝኣመኑሉ ድማ ክሳዕ ህይወቶም እኳ ዝስእኑ ደው በሉሉ። ባዶ ህይወት ካብ ምንባር ሞት ሓረዩ። ዓለም ድማ፡ ንናይ እዞም ሰባት እዚኣቶም ትብዓት ምክንያት ዝኾነ እምነቶም ከየቕለበትሉ ክትሓልፍ ኣይተካእላን። ነታ በቲ ጊዜ እቲ ዝነበረት ናይ ፍልስፍናን ጸረ ክርስትናን ዓለም ድማ ከም እትናወጽ ገበርዋ።

እተን "ንዓለም ኣይትምሰሉዋ" ዝብላ ቃላት ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ነዞም ኣብዚ ዘመን እንነብር ሰዓብቲ ክርስቶስ'ውን ዓቢ ትርጕምን ኣድላይነትን ዝሓዛ እየን። እዘን ቃላት እዚኣን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮና ከም በሊሕ ሰይፊ ሰንጢቐን ዝሓልፋ እየን። ናብ ዓውዲ ኵናት ዝዕድም ድምጺ እምበር ናይ ምቕት ቃላት ኣይኮናን። ነቲ ድኩም ካብቲ ብርቱዕ ዝፈልያ ቃላት እየን። ናይ ምትብባዕ ቃላት'ውን እየን። ስለዚ ከኣ ሕጂ'ውን ክንስዕበን የድልየና ኣሎ። እስከ ኣበየናይ መዳይ ህይወትና ካብ ዓለም ክንፍለ ከም ዝግብኣና ንርአ።

## 1. ብኣተሓሳስባና

ብቐዳምነት ኣተሓሳስባና ካብ ኣተሓሳስባ ዓለም ፍሉይ ክኸውን ይግባእ ። ዓለም ኣዝዩ ሰፊሕ ብዝኾነ መገዲ፡ ኣብ ናይ ደቂ ሰባት ኣእምሮ ናይ ምስራቕ (Brain washing) ስራሕ ተዋፊራ ኣላ። እዚ ከኣ ብከም ምውዕዋዕን (Advertising)፡ ከንቱ ብዝኾነ ቃላትን ወረታትን፡ ፍልስፍናታትን ዝኣመሰሉ ሜላታት ትፍጽሞ ኣላ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣብ ዓለምና ዘሎ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ኣብ ህውከት፡ ዝሙትን ሕጊ ኣልቦነትን ዝተሞርከሰ እዩ። ብዙሓት ከኣ ነዚ ነገራት እዚ ከም

መግቢ እናተመገቡዎ ይነብሩ ኣለዉ። ነዚ ኵሉ ከኣ ሓደ ሰይጣናዊ ኣእምሮ ኮነ ኢሉ ዘካይዶ ዘሎ ይመስል። ቀንዲ ዕላማኡ ከኣ፡ ናይ ክርስቲያናት ኣእምሮ ንምስራቕን ምስ ዓለም ከም ዝመሳሰል ንምግባርን እዩ። ኣብዚ ጊዜ እዚ እምበኣር ናይ ብዙሓት ክርስቲያናት ኣእምሮ፡ በዚ ናይ ክፍኣት ሓተላ ዝኮነ ነገር ተመሪዙ ከይህሉ ዘፍርሕ እዩ። በዚ ሜላ እዚ ተጠቒሙ ከኣ ሰይጣን ንነፍሲ ወከፍና ኣብ ጸሎትን ኣብ ምንባብ ቃል ኣምላክን እነሕልፎ ሰዓት ይጻብኦ ከይህሉ ገዛእ ርእስና ክንምርምር ክንጥንቀቕን ግቡእ እዩ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ኵሉ ጫውጫውታ ዓለም ግና ከምዚ ዝሰዕብ ዝብል ድምጺ እግዚኣብሄር ንሰምዕ ኢና፡ "እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ከኣ ኣባኻትኩም ይሃሉ" (ፊል 2፡5)። ከምኡ'ውን "እቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ክትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ" (ሮሜ 12፡2)።

## 2. ብስጋዊ (ኣካላዊ) ናብራና

ብካልኣይ ደረጃ ብስጋዊ (ኣካላዊ) ናብራና ንዓለም ክንመስላ የብልናን። ኣካላትና (ስጋና) ቤት መቕደስ ናይቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ኣምላክ ክኸውን እዩ ተመዲቡ። ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ፈቓዶ ናይ ጣኦት ቤት መቕደሳት እናወሰድና ኣይነርክሶ። ብኣንጻሩ፡ ኣካላትና ንኣምላክ፡ ምሉእን ህያውን መስዋእቲ ጌርና ደኣ ነቕርበሉ። ኣካይዳናን ቅርጽናን ተግባራትና ኵሉን ንክብርን ልዕልናን ክርስቶስ ዘንጸባርቕ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣባና ንወዱ ክንመስል እዩ (ሮሜ 12፡1-3, 1ቈሮ 3፡16-17, 6፡15-20)።

## 3. ኣብ ከባቢና ምስ ዘለዉ ሰባት ብዝህልወና ርክባት

ኣብ ከባቢና ምስ ዘለዉ ሰባት ኣብ ዝህልወና ርክባት'ውን ዓለማውነት ዝዓብለሎ ክኸውን ኣይግባእን። ዓለም ንዓኣ ክንመስል፡ ናብቲ ምድራዊ ዝሓሳቡ ሕብረተ ሰባ ክትስሕበና ኵሉ ሳዕ ትፍትን እያ። ጐይታ ግና "ከምቲ ኣነ ካብ ዓለም ዘይኮንኩ፡ ንሳቶም'ውን ካብ ዓለም ኣይኮኑን" ብምባል ነቶም ንዕኡ እንስዕብ ምስ ዓለም ሓድነት ከም ዘይብልና ብንጹር ተዛሪቡ እዩ (ዮሃ 17፡16)። ከም ክርስቲያናት ፍቓድ ኣምላክ ክንፍጽም እንተ ደኣ ኾንና፡ በቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ እምነት ኣልቦ ሕብረተ ሰብ ከይንጽሎ ክንጥንቀቕ ይግባኣና። እዚ ክኸውን እናተገብኦ ግና፡ ቃላት ከናፍርና ዓለማዊ ደኣ እምበር፡ መንፈሳዊ ኮይኑ ኣይርከብን እዩ። ኣብ መዓልታዊ ዕላልና ብዛዕባ ፖለቲካ ድዩ ወይስ ብዛዕባ ሓደስቲ መዘናግዒታት፡ ከምኡ'ውን ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ብምዝርራብ ብቐሊሉ ኢና ምስ ዓለም እንመሳሰል። ቅዱስ ዝኾነ ምዝርራብ እናተዘራረብና ንሓድሕድና ክንተሃናነጽ ከም ዝግብኣና ብዙሕ ጊዜ ንርስዕ ኢና። ስለዚ እምበኣር ኣዘራርባና ብዛዕባ ሰማያዊ ዝኾኑ ነገራት ከኣ እምበር፡ ምድራዊ ጥራይ ክኸውን የብሉን (1ቈሮ 5፡1-11, ፊሊ 3፡17-21)።

ጐይታና ኢየሱስ ምስ ሓጥኣንን ተገውትን ይበልዕን ግዜ የሕልፍን እንተ ነበረ፡ ብውሽጣዊ ናብራኡን ኣካይዳኡን ግን ይመስሎም ኣይነበረን። እኳ ደኣ ንነፍሲ ወከፍ ምስ እዞም ሰባት ዝነበሮ ጊዜ፡ መንፈሳዊ ሓቂ ንምግላጽን ንነፍሳት ካብ ሞት ናብ ህይወት ንምምራሕን ይጥቀመሉ ነይሩ። ስለዚ እምበኣር ምስ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት እንገብሮ ርክብ፡ ዕላልና ጥዑምን ሰናይን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ንክርስቶስ ዘይፈልጡ ሰባት፡ እምነትና እንካፍለሉ ዕድል ጌርና ክንርእዮን ክንጥቀመሉን ይግባኣና።

## 4. ብመግለጺ ሃይማኖትና

ዓለም ናታ ዝኮነ መግለጺ መንፈሳውነት ወይ ከኣ መግለጺ ሃይማኖት ኣለዋ። ንሕና ግና ከም ክርስቲያናት ንገዛእ ርእስና በዚ ናይ ዓለም መግለጺ መንፈሳውነት (ሃይማኖት) ክንመዝና ዘይኮነስ፥ እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ሰዓቢ ክርስቶስ ክህሉ ዝደልዮ ረቛሒታት ክነማልእ እዩ ዝግብኣና።

ብዘመን ነብዩ ኢሳይያስ፥ ካብ እስራኤል ንላዕሊ ሃይማኖታዊት ሃገር ኣይነበረትን። እቲ ቤት መቕደስ ኩሉ ጊዜ ብሰብ ምሉእ ነይሩ። ካብ ብዝሒ መስዋእቲ ዝተላዕለ፥ እቲ መሰውኢ ደም ጃሕጃሕ ይብሎ ነይሩ። እተን እግዚኣብሄር ብሙሴ ገይሩ ዝሰርዐን በዓላት ብጥንቃቐ ይክበራ ነይረን። ኣብ ቤት መቕደስ ድማ ብዙሕ ጸሎት ይጽለ ነይሩ። እዚ ኩሉ እናተፈጸመ ከሎ ግን፥ ኣምልኮ እስራኤላውያን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፥ ሓቀ ን ካብ ልቢ ዝመንጨወን ኣይነበረን። ዋላ እኳ ናብ ቤት መቕደስ ብዘይ ምቍራጽ ይመጹ እንተ ነበሩ፥ ፍርሃት እግዚኣብሄር ግና ኣዝዩ ጕዲሉዎም ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ነብዩ ኢሳይያስ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ቃል እግዚኣብሄር ኣምጽኣሎም፥ “ከንቱ ዝኾነ መስዋእቲ ብልዒ ኣይተምጽኡለይ፥ ሽታ ዕጣን ብኣይ ጽሉእ እዩ፥ በዓላት ሰርቂ ወርሕኹምን ሰናብትትኩምን፥ እትገብርዎ መንፈሳዊ ኣኼባታትን ብኣይ ጽሉእ እዩ” (ኢሳ 1፥13)። እዞም ህዝቢ እዚኦም ዋላ እኳ እቲ ሃይማኖቶም ዚጠልቦ ስርዓታትን ሕግታትን ይፍጽሙ እንተ ነበሩ፥ ናብራኦም ግን ጽድቂ ዘይብሉ ናብራ እዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ፍርዲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኦም የንጸላሉ ነይሩ።

ቀጺሉ ነብዩ ኢሳይያስ፥ ከመይ ኢሎም ካብዚ ፍርዲ እግዚኣብሄር ንምድሓን፥ ካብ ሓጢኣቶም ክነጽሁ ከም ዘለዎምን ከም ዝኽእሉን፥ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ሓቢርዎም፥ “ተነስሑ፥ ካብ ሓጢኣትኩም'ውን ተሓጸቡ፥ ገዛእ ርእስኹም ኣንጽሁ፥ ኣብ ቅድመይ ክፉእ ምግባር ሕደጉ። ሰናይ ምግባር ተመሃሩ ... እምበኣር ሕጂ ንዑ፥ ንሓድሕድና ንማጎት ይብል እግዚኣብሄር ብሓጢኣትኩም እኳ ከም ደም እንተ ቐሕኩም፥ ከም በረድ ክጻዕድወኩም እየ፥ ከም ዝዋውዕ እኳ እንተ ቐሕኩም ከም ጻዕዳ ጸምሪ ክትኮኑ ኢኹም” (ኢሳ 1፥16, 18)።

ኣብዚ ጊዜ እዚ ነቲ ኣብ ክንዲ ሓጢኣቶም ዝሞተ መድሓኒኦም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ህይወቶም ዘይሃቡ ኣዝዮም ብዙሓት ሰዓብቲ ኣለዉ። እዚ ከኣ ምስ ዓለም ተመሳሲሎም ክነብሩ ስለ ዝመረጹ እዩ። ንክርስቶስ ብምስዓቦም ክመጾም ዝኽእል ጸርፍን ተጻላእነትን ስለ ዝፈርሁ እዩ። እቲ ሓቀ ሰዓቢ ክርስቶስ ግን ብእምነቱ ምስ ዓለም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይኣቱን እዩ። ስለዚ ኩሉ ክርስቲያን እየ ዝብል ሰብ ኣብ ጸጽባሕ ንመድሓኒኡ ኢየሱስ ክርስቶስ ክመስል ደኣ እምበር ምስ ዓለም ክተሕናፈጽ ኣይግባእን። ስለዚ ክቡራት ኣሕዋት፥ ህይወትና ምሉእ ብምሉእ ንክርስቶስ ኢየሱስ ንሃቦ።

“ እቲ መስቀሉ ጸይሩ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንዓይ ኣይበቅዕን እዩ። ንህይወቱ ዝረኽባ ከጥፍኣ እዩ፥ ንህይወቱ ምእንታይ ዘጥፍኣ ከኣ ኪረኽባ እዩ” (ማቴ 10፥38-39)።

“ እምበኣር ካብ ኣተሓሳስባ እዛ ዓለም እዚኣ ምስ ክርስቶስ ሞይትኩም እንተ ኴንኩም ስለ ምንታይ ደኣ ገና ከም ኣነባብራ ዓለም ትነብሩ፧” (ቆሎ 2፥20-21)።

**እግዚኣብሄር ይደግፍ።**